# ቅልዕቲ ደብዳበ ንመንግስቲ ክልል ትግራይን ንትግራይ ኦን ላይንን (TIGRAI ON LINE) ቀለታ ኪዳነ (ሎንዶን)

ኣቐዲመ ዕዙዝን ሕውነታውን ዝኾነ ኤርትራዊ ሰላምታይ ኣቕርበልኩም። ቀዲለ ትግራይ ኦን ላይን ብምኽንያት እቲ ብፕሮፌሶር ኣስመሮም ብዛዕባ ህዝቢ ትግራይ ብዕለት ሚያዝያ 24 2019 ዝተዋህበ ፖለቲካዊ ርእይቶ Responce to Professor Asmerom Legese ብዝብል ኣርእስቲ ዝሃብኩሞ




መልሲ ትዓዚበ። ነዚ ምኽንያት ብምግባር ከኣ ገለ ናይ ሕሉፍ ኮነ መጻኢ ዅነታትና ብምጥቃስ ክዛረቦ ዝህሉ ነገራት ከም ዘሎ ኣሚነ። ብዛዕባቲ ፕሮፌሶር ኣስመሮም ንህዝቢ ወይ ንፖለቲካዊ ዅነታት ታሪኽ ህዝቢ ትግራይ ዝሃቦ መልእኽቲ ኣነውን ኣዝዩ ጌጋ ዝኾነ ኣብዚ እዋን እዚ ከምዚ ናቱ ሓደ ብዕድሚኡ ኮነ ብትምህርቱ ክብሎ ዘይግብኦ ንድሌትን ርእይቶን ህዝቢ ኤርትራ ዘይውክል ዘየንጸባርቕ ምዃኑ'የ ዝኣምን። እንተኾነ ንፕሮፌሶር ኣስመሮም ለገሰ ነቲ ብርእይቶይ ግጉይ ዝበልኩዎ ርእይቶ ብኻልኦት ግዱሳትን ቅኑዓትን ኤርትራውያን ጭብጢ ዝሓዘ ግቡእ መልሲ ተዋሂቡ ስለዝርኣኹ ንሎሚ ኣብኡ ክእቱ ኣይመረጽኩን። ነቶም ምእንቲ ፍትሒ ንፕሮፌሶር ኣስመሮም ጭብጢ ዝሓዘ መልሲ ዝሃቡዎን ዓገብ ዝበሉዎን ፍትሓውያን ኤርትራውያን ከኣ ብስም ኩሉ ኤርትራውን ደላይ ፍትሕን ከመስግን እፈቱ።

እቲ ኣነ ሎሚ ክዛረበሉ ደልየ ዘሎኹ ግን ነቲ ትግራይ ኦን ላይን ( Tigrai on line) ዝተንከፍኩሞ ግን ከኣ ክሳብ ሎሚ በቶም መንግስታት ኮነ በቶም ደገፍቶምን ተደናገጽቶምን ብፍላይ ኤርትራውያን ኮነ ተጋሩ ምሁራትን ፖለቲከኛታትን ብቕንዕናን ከምቲ ዝድለ ብሰፊሑ ዘይተገልጸን ዘይተዘርዘረን ኣብ መንጎ ህዝብታት ኤርትራን ትግራይን ክህሉ ዝነበሮን ሕጂ እውን ዘሎን ርክብ ኢዩ። ኣብ ሕውነትን ረብሓን ክልቲኡ ህዝብታት ዝተመስረተ ፍጹም ምትሕልላይን ምትሕግጋዝን ከም ዘድልየና ንጹር ኢዩ። ንምኻኑ እቲ ናይ ኤርትራን ኢትዮጵያን ነጽንሓዮ'ሞ እቲ ሕብረተሰብ ብፍላይ ከኣ ከም ''ትግራይ ኦን ላይን'' ዝኣመሰለ ትካል ትግራዎት ዝኾነ ሚድያ ነቲ ጌጋ ዝኾነ ፖለቲካዊ ውሳነታት ናይ'ቲ ኣቐድም ኣቢሉ መሪሕነት መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝነበረ ሎሚ ግን ካብ መሪሕነት መንግስቲ ኢትዮጵያ ትኣልዩ ኣብ መቐለ ዘሎ መሪሕነት ኢሂወደግ ነበር ንረብሓን ጠቕምን ክልቲኡ ኣህዛብ ዝሃቦ ምኽርን ዝገብሮ ጸቕጥን ኔሩዶ ይኸውን? ኣብ መንጎ ክልቲኡ መንግስታት ንዘጋጠመ ጌጋ ወይ በደል ነቲ በደለኛ መሪሕነት ኣለልዩ ዓገብ ዝበለሉ ወይ ፍትሓዊ መግናሕቲ ዝገበረሉ ጊዜኸ ነሩዶ ይኸውን? ኣይመስለንን። ዘይርኣኹዎን ዘየንበብኩዎን እንተኔሩ ግን ኣቐዲመ እቕሬታ እሓትት።

ኣነ ብዙሓት መትዓብይትን ኣዕሩኽን ፈተውተይን ጐረባብተይን ኢትዮጵያውያን ብፍላይ ከኣ ተጋሩ ዝነበሩንን ሎሚ እውን ዘለዉኒን ሰብ ኢየ። ሰብ ከም ሰብ መጠን ክነብርን ክኽብርን እምበር ኣብ ዓሌትን ኣብ መንነትን ዝተመርኮሰ ኣድልዎን ግፍዕን ክረክብ ኣይግብኦን ኢለ ከኣ እኣምን። እዚ ማለት ግን ዝኾነት ብሕጊ እትካየድ ሃገር ናታ ናይ ዜጋታታ ኮነ ወጻእተኛታት ሕጋዊ መትሓዳደሪ ሕጊ ክህልዋ የብሉን ማለት ኣይኮነን።

ህዝቢ ትግራይ ጸላኢ ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ ዝብል እምነት ሓዲሩኒ ኣይፈልጥን። ብርግጽ ከኣ ህዝቢ ኤርትራ ከምቲ ‘‘ይብሃል ዝበሃል’’’ እንተ ብዕሽነቱ እንተ ብግርህነቱ ጸላኢ ህዝቢ ትግራይ ኰይኑ ኣይፈልጥን’ዩ። እዚ ዝብሎ ዘሎኹ ከኣ ንምክልኻል ዝብሎ ዘሎኹ ዘይኮነ ንብዙሕ ዓመታት ኣብ ኵለን ኣውራጃታት ኤርትራ ብሓላፍነት ምስ ህዝቢ ስለዝሰራሕኩ እሞ ኣብ መንጎ እቲ ህዝብታት ትግራይን ኤርትራን ዝነበረ ፍቕርን ሕውነትን ብድቕቕ ዝበለ ኣጻርየ ስለዝፈልጥ ኢየ። ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ ብዙሓት ኢትዮጵያውያን መብዛሕትኦም ከኣ ትግራዎት ካብ ኤርትራ ከም ዝተሰጉ ዘይስሓት ሓቂ ኢዩ። ብኸመይ ተሰጒጎም ተበዲሎምዶ ተገፊዖም ግን ድቕቕ ዝበለ ብዙሕ ኣፍልጦ ስለዘይብለይ ኣብኡ ክኣቱ ኣይደልን። ይኹን እምበር ኣብ ሃገሮም ምስ ከዱ ገለ ገለ ዘይጥዑያት ትግራዎት ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝነበርናሉ ጌዜ እቲ ህዝቢ ዓጋመ ጥሙያት፡ ቆማላት እንታይ እንታይ እናበለ የናእሰናን ይንዕቀናን ነሩ ከም ዝበሉ ገለ ኣንቢበ ነረ። ህዝቢ ኤርትራ ጸገምን ስደትን ምስ ኣጋጠሞ ክፉእ ከጋጥሞን ክስደድን ዘይግብኦ ሕያዋይ ህዝቢ ኢሎም ኣብ ትግራይ ብፍቕርን ብለውሃትን ዝተቐበሉዎን ዘብልዑዎን ዘስተዩዎን ዘዕቄቡዎን ተጋሩ ከም ዝነበሩን ዘለዉን እውን ብዙሓት መንእስያት ዘዘንትዉዎ ሓቂ ኢዩ። ኣብ ኤርትራ ዝጻረፉን ዝዝልፉን ኣይነብሩናን ክብል ኣይክእልን። ከመይሲ ብፍላይ ከተማታት ኤርትራ ብምኽንትያት መግዛእቲ ጣልያንን እንግሊዝን ኢትዮጵያን እታ ሃገር ናይ ብዙሓት ካልኦት ሃገራት ዜጋታት መኣከቢት ስለዝነበረት እቶም መብዛሕትኦም ዝጻረፉን ንደቂ ሰብ ዘነኣእሱን ከተማ ዝኣከበቶም ኣትዓባብያ ዝበደሎም ባህልን ልምድን ክብርን ህዝቢ ኤርትራ ዘይፈልጡ ዕባይ ከተማ እምበር ንባህልን ልምድን ክብርን ደቀባት ኤርትራ ዝፈልጡን ዘኽብሩን ደቂ ሃገር ከም ዘይኮኑ ኣዳዕዲዔ ኣረጋግጸልኩም።

ህዝቢ ኤርትራ ንዝፈትዎ ዝፈቱ ንዝወረሮ ዓጸፋ ዝምልስ ንዝበደሎ ጽልኡ ቀልጢፉ ዝሓድግ ንድኻን ንስደተኛን ከየስተማስል ብማለት ኣብ ኣኼባታት ኮነ ውራያት ሓፍ ኢሉ ኮፍ ዘብል ንዝኾነ ይኹን ዓሌት ወይ ውልቀሰብ ዘኽብርን ጋሻ ዝቕበልን ህዝቢ ኢዩ። እዚ ዝዛረቦ ዘሎኹ ከኣ ከም ኣባል ህዝቢ ንዝፈልጦ እምበር ንውድብ ወይ ንመንግስቲ ንምክልኻል ኣይኰነን። ምኽንያቱ ኣነ ከም ኤርትራዊ ተገዲደ ዝኣተኹዎ እምበር ፖለቲካዊ ኣይኮንኩን። ብምኽንያት ኣብ ሃገረይን ህዝበይን ዝወረደ ግፍዕን መከራን ግን ከይፈተኹ ኣብ ፖለቲካ ኣትየ መንግስቲ እሂወደግ (ወያነ) ንኤርትራውያን ካብ ኣዲስ ኣበባ ብግፍዒ ሰጒጉዎም ምስ ተሰምዔ ኣብ ጊዜ ምምሕዳር ነፍሰሄር መለስ ዜናዊ ኣብ እዋን ኵናት ባዱመ ገና እቲ ሃዋሁው ኵናት ከይዝሓለ ከሎን በቲ ምኽንያት እቲ ሽዑ ዝተፈጥረ ውግእ ንዝኾነ ይኹን ኤርትራዊ ንኢትዮጵያ ክኣቱ ክልኩል ኣብ ዝነበረሉ እዋን ምስ ገለ ብጾተይ ብብዙሕ ጻዕሪ ንኢትዮጵያ ኣትየ ኣብ እግሪ መሪሕነት እቲ ሽዑ ዝነበረ መንግስቲ ህወሓት ወዲቐ ከም ዝለመንኩ ታሪኽ ስለዝኾነን ቅድሚ ሎሚ እውን ብሰፊሑ ስለዝገለጽኩዎን ሎሚ እንተደገምኩዎ ዘኽፍእ ኣይመስለንን። ክሳብ ሎሚ ከኣ ነቲ ዝነበረ መሪሕነት ወያነ ዝኸሰስኩሉን ዝወቐስኩሉን ዝተቓለስኩሉን ብግሉጽን ብጭብጥን ኰይኑ ንህዝቢ ትግራይ ግን ካብ ህዝቢ ኤርትራ ፈልየ ርእየዮ ኣይፈልጥን’የ ኢየ። ከመይሲ ንሱ እውን በቲ መሪሕነት ህወሓት ወይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝረኸቦ ፍሉይ ረብሓን ጠቕምን ከም ዘይነበረ ብደቂቕ ኣጸቢቐ እፈልጥ ስለዝነበርኩ። ኣብቲ ጽንኩርን ኣሰካፍን ኵነታት ንረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ብምሕላይ ንኢትዮጵያ ኬድና ምስ መሪሕነት ወያነ ብምርኻብ ኣብ ክንዲ ሃገርናን ህዝብናን ብምዝራብና ከኣ ብመንግስቲ ህግደፍ ጥራሕ ዘይኮነ በቲ ገርሂ ዝኾነ ህዝብናን ወገንናን መቓልስትና ደላይ ፍትሒ እንብሎ እውን

ከይተረፈ ተጸሪፍናን ተዘሊፍናን ኢና። ህዝብና እቲ ቀንዲ ጸላኢኡ ሎሚ ክርድኦ ስለዝኸኣለ ግን ኣሓጉሰኒ እምበር ኣየጣዕሰንን ኢዩ።

<u>ልማኖና እንታይ ነሩ? ሰሊጡናዶኸ?</u>

እቲ ሕቶና ነቲ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዝነብር ዝነበረ ህዝቢ ኤርትራ ዝምልከት ነዊሕ'ዩ ነሩ። ብኸምዚ ከሕጽሮ ግን ክፍትን ኢየ። ንሕና ካብ ኤውሮጳ ዝመጻእና ኣሕዋትኩም ኢና ። ''ስጋ እንተወደቐት ሓመድ ሒዛ ትትስእ'' ከም ዝበሃል እዚ ሎሚ ኣብ ሃገርናን ህዝብናን ኣብ ኢትዮጵያ ኮነ ኣብ ኤርትራ ወሪዱ ዘሎ ሽግርን ግፍዕን ኣብ ማንም ክወርድ ዝኽእል ኢዩ። ሎሚ ብፍላይ ንስኹም ተጋሩ ምስ መንግስቲ ኢሳያስ ተባኢስኩም ነቲ ሓንቲ ዘይበደለ ኣብዚ ኢትዮጵያ ናትኩም ጸግዕን ደጋፍን ዝነበረ ህዝብና ንብረቱ ገፊፍኩም ክብረቱ ቀንጢጥኩም ካብ ኢትዮጵያ ብግፍዒ ሰጕጕኩሞ። ዝፈሰሰ ማይ ኣይሕፈስን ኢዩ። ድሓን ኣብ እዋኑ ትጥዓሱሉን እቕሬታ ትሓትሉን እዋን ይመጽእ ይኸውን። እቲ ሎሚ ንሕና ካብኹም ንሓቶ ዘሎና ሓገዝ ግን ናይ ጽባሕ ድልድልትን ሓያልን ዲሞክራስያዊትን ኤርትራ ንዓኹም እውን ንዝኾነ ዝመጽእ ጸገማት ሕቜ ክትኮነኩም ስለትኽእል ሎሚ ነቲ ኣብዚ ሃገርኩም ተሰዲዱን ተበታቲኑን ዘሎ ህዝብና ኮነ ተቓወምቲ ውድባት ክትሕግዙልናን ከተትሓባብሩልናን እሞ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ምብታንን ምድኻምን ድሒኑ ንጽባሕ ጐረቤትኩም ጥራሕ ዘይኮነት ሓብትኹምን ፈታዊትኩምን እትኸውን ዲሞክራስያዊት ሃገር ንምምስራት ክንክእል ሎሚ ኣብ ስልጣን ከሎኹም ክትሓባብሩና ከምኡውን ነዚ ካብ ብግፍዒ ምጥራዝ ክድሕን ጥራሕ ኣይ ስራሕ ኣይ ንግዲ ኣይ ትምህርቲ ብሰላም ጽሓይ ክርኢ ክዛወር ኣብ ዘይክእለሉ ኣብ ገዛ ትዓጽዩ ትሓቢኡ ዝውዕል ዘሎ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑጸር ህዝቢ ኤርትራ ወይ ከም ሰብ መጠን ክሰርሕ ክነግድ ክመሃር እንተገደደ ከኣ ንፋስን ጽሓይን ክረክብ ካብ ገዛ ናብ ደገ ክወጽእ ከተፍቅዱሉ እንተጨከንኩም ከኣ ብሰብኣዊ መንገዲ ብኽብረት ንዓዱ ከተፋንዉዎ ዝብል ኢዩ። እዚ ዝብሎ ዘሎኹ ካብ ምስጓጕ ዝተረፈ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ሚእትን ሓምሳን ክሳብ ክልተ ሚእቲ ሽሕ ከም ዝግመት ከኣ ትሓቢሩና ነሩ ኢዩ።

<u>ዝተዋህበና መልሲ፡</u>

ኣብዚ ዘለዉ ኤርትራውያን ውድባት ንኹሎም በብሓደ ፈቲንናዮም ኢና። ከምኡ'ውን ብሓባር ክሰርሑን ብግቡእ ክቃለሱን ዝከኣለና ሓጊዝናዮም። እንተኾነ ግን ኤርትራውያን ዝጠቅም ሰብ ስኢንናልኩም። ንእገለ ፈቲንናዮ ኣይጠቐመን። ንእገሌ እውን ፈቲንናዮ ኣይሰርሔን። ይሓይሽ ዶኾን ኢልና ንእገሌ እውን ኣምጺእናዮ ኣይረብሔን። ብሓጺሩ ዝጠቅም ሰብ ኣይረኸብናልኩምን። ንሕና ባዕልና ክንዋግኣልኩም እሞ ንኢሳያስ ከነልግሰልኩም ግን ስራሕና ኣይኰነን ብማለት ከኣ ብትዕቢትን ትምክሕትን ዝመልኤ ዘቕብጽ እምበር እሞ እንታይ ክንገብር? እንታይ ክንሕግዝ? ከመይ እንተገበርናኸ ትዕወቱ ይመስለኩም? ዝብል ተስፋ ኣይረኸብናን። ኣብዚ ከየመገንኩዎ ክሓልፍ ዘይደሊ ንሎሚ ስሙ ኮነ መዝነቱ ክገልጾ ዘይደሊ ሓደ ዓቢ ብዓል ስልጣን ግን ብሕቡእ ዝሃበኒ መግለጽን ዝሓበረኒ መርገጽ እቲ መሪሕነትን ኢዩ። ንሱ ከኣ እቲ ናትኩም ናይ ኤርትራውያን ትምክሕትን ኣንነትን ዝፈልጦን ዝኽእሎን ስርዓት ኢሳያስ ጥራሕ ስለዝኾነ ኣብ ጕዳይ ኤርትራውያን ኢድና ኣይነእቱ። ንዕኦም ንምድምሳስን ንምድኻምን ባዕሉ ኢሳያስ ይሰርሓልና ኣሎ። ውዒላ ሓዲራ ከኣ ኤርትራ ካባና ሓሊፋ ኣብ ትኸዶ የብላን ዝብል ኢዩ። ከም ሓው መጠን ከይሓባእኩ ክሕብረካ ካባና ሓንቲ ኣይትጸበዩ ስቕ ኢልኩም ዓድኹም ተመለሱ ዝብል ኢዩ። እታ ሓንቲ ዝሃቡና ተስፋ ግን

ብዛዕባቲ’ቲ ተሪፉ ዝነበረ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑጸር ኣብ ገዛ ትዓጽዩ ትሓቢኡ ዝውዕል ዝነበረ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ባይቶ ኣቕሪቦም መፍትሒ ክገብሩሉ ምኺኖም ኢዩ። ነዚ ከኣ ከምቲ ዝበሉዎ ገና ንሕና ኣብ ዓዶም ከሎና ኣብ ባይቶ ኣቕሪቦም ነቲ ተሪፉ ዝነበረ ህዝቢ ንጊዜኡ ከም ዘይጥርዙዎ ኣረጋጊጾሙሉ ጽሓይ ክጽሎን ንፋስ ዓለም ከተንፍስን ክኢሉ ኢዩ።  ካብኡ ሓሊፉ እቲ ንገለ ኣዋርሕ ኣብኡ ጸኒሕና ዝገበርናዮ መጽናዕትን ብድሕሪኡ ዝወሰድናዮ ስጉምቲን ግን ነዊሕን ዝተሓላለኸን ስለዝኾነ ቅድሚ ሎሚ ብሰፊሕ ስለዝገለጽኩዎ ከምኡ’ውን ብዙሕ ዘይፈለጥኩዎ ነሩ ኢለ ዝኣምነሉ ዝተሰርሐ ተዋስኦ ስለዘሎ ንጊዜኡ ንታሪኽን ንመጻኢ ወለዶን ክገድፎ መሪጸ ኣሎኹ።

ኣብቲ ናይ ሎሚ ጉዳይ ምእታው ስለዝሓይሽ ከኣ  እቲ ንኢትዮጵያ ዘመሓድር ዝነበረ ብህወሓት ዝዕብለል (ኢሂወደግ) ሎሚ ኣበይን ከመይን ኣሎ። እቲ መሪሕነት ህዝብታት ክልላት ኢትዮጵያኸ ምስቲ መሪሕነት ህዝቢ ትግራይ ከመይ ኣሎ? ህዝብን መንግስትን ትግራይ ሎሚኸ ኵነታቱ ከመይ ኣሎ? እቲ ሽው ዘርኣዩና ንዕቀትን ‘’ብድሕሪ ሕጅስ ካልኦት ብሔራት ተንሲኦም ንህወሓት ክዋግኡን ህወሓት ተሸኒፉ ሓገዝ ኤርትራ ክትደሊ?’’ ዝብል  እናሰሓቑ ዘስምዑና ምሕጫጨከ  ሎሚ ኣብ መቐለ ኣብ ሕቑፊ ህዝቢ ትግራይ ትዓቑቦሙሉ ኣብ ዘለዉሉ እዋን ይዝክሩዎዶ ይኾኑ? እታ ሽው ዝሓለምናያ ኤርትራ ንኽትስራሕ ሽው ብቕንዕና እንተዝሕግዙና ኔሮምከ ንሎሚ ንሶም ኮነ  ህዝቢ ትግራይ ኣብዚ ሎሚ ዘለዉዎ ኵነታት ምሃልዉዶ? ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ  ልዕሊ ህዝቢ ወይ መንግስቲ ትግራይ ብኻልኦት ኣህዛብ ኢትዮጵያ ወይ መሪሕነታት ክልል  ዝግበር ጒድኣትከ ንዓና ንኤርትራውያን ይጸልወናዶ? ብእምነተይ እወ ይጸልወና ጥራሕ ዘይኮነ ብመሰረቱ ጉዳይ ሃገርናን ህዝብናን ምስኡ ዝተሓሓዘ ምኺኑ ዘይተረድኦ ኤርትራዊ እንተሃልዩ ብሃም ጥራሕ ኢዩ ዝብል እምነት’ዩ ዘሎኒ።

እዚ ንህዝቢ ትግራይ ረጊጽካ ንባሕሪዳርን ንኣዋሳን ኬድካ እቲ ብመራሒና ዝተዘርበስ  ስለዘሕፍር ኣይደግሞን ኢየ።  ጉዳይ ኤርትራውያንን ተጋሩን ተወዲኡ ኣብ ኢደይ ኣትዩ ብማለት ቅድሚ ሎሚ ኣብ ሃገሩ  ኣርእዩዎ ዘይፈልጥ  ዝተራእየ ልብኻ እናወቓዕካ ምስርሳርን ኣፍካ ክሳብ ክቕደድ ዝደሊ ምስሓቕን  እሞ  ነዚ  ካብ ኣፍንጫኡ ኣርሒቑ ክርኢ ዘይክእል ቆልዓ ፕራይ ምኒስተር ንስኻ ክትመርሓና ስልጣን ሂበካ ኣሎኹ ምባል ንባዕሉ  ግን ንዕቀት ንህዝቢ ትግራይ  ዘይኮነ ንዕቀት ንህዝቢ ኤርትራ ምኺኑ ንጹርን ዘሕፍርን ኢዩ ነሩ። ሳላ ተቓውሞን ጽንዓትን ቆራጽነትን ህዝብን መንግስትን ትግራይ ድኣምበር  ብኣታቶምሲ ኵሉ ተወዲኡን  ትኣማሚኖሙሉን ነሮም ኢዮም።

ኣብ ኣርእስተይ ክምለስ ብወገነይ ንትግራይ ኦን ላይን ሎሚ ዝሓቶ ሕቶ ግን ኣሎ። ሓደ ምስላ ኣሎ።   ሓደ ኤርትራውስ ልበይ ሓሚመ ኢሉ እንተተቐንዘወ እቲ ብጻዩ ትግራዋይ ‘’ ኣታዮ ሓማሽናይከ ልቢ እንኤዎ ድዩ’’ ኢሉዎ ይበሃል። ካልእ እውን ብዛዕባ ልቢ ምህላውን ዘይምህላውን ንሓማሽን (ኤርትራውያን) ዝምልከት ኣብ ትግራይ ብዙሕ ታሪኻት’ዩ ዘሎ።  እሞ ኣረ ሕራይ ንሕና ኤርትራውያንሲ ነቲ ግርህነትና ከም ዕሽነት ንቕበሎ።  እቲ ትማሊ ሰፊሕ ዕድል ከለዎ ንህዝቢ ኤርትራ ኮነ ንህዝቢ ትግራይ ሓንቲ ቍምነገር ከይገበረ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ከልምዕን ከሰልጥንን ንህዝቡን ንዓና ነሕዋቱን   ረሲዑ ንባዕሉ በላሶታት ኣብ ዓዲ ኣምሓራ ክሰርሕን ንብረት ክኣኻኽብን ጊዜኡ ኣሕሊፉ ሎሚ በቶም ዘሰልጠኖምን ዘማዕበሎምን ዝኣመኖምን ህዝቢ ኢትዮጵያ ተኻሒዱን ተጸሊኡን  ካብ ስልጣን ተገሊፉ ኣብ መቐለ ኣብ ሕቑፊ ህዝቢ ትግራይ ትዓቑቡ ዝርከብ ዘሎ መሪሕነት ህወሓትከ  ለባም ነሩዶ ትብሉዎ?

እዚ ክብል ከሎኹ ብወገነይ እቲ ዝነበረ መሪሕነት ተጋሩ እውን ካብቲ ካልእ ዓሻ ዝግመት ኤርትራዊ ተዛራባይ ትግርኛ ዝሓሸ ልቦና ኣይርኣኹሉን እሞ ኣብዚ እዋን እዚ ብዛዕባ ልብስ ‘‘<u>ኣይንሕሾ ኣይንሓምቆ</u>’’ ብማለት ጥራሕ እንተትዓጋገብና ጽቡቕ እመስለኒ።

እቲ ኣነ ሎሚ ኣሉ ክብሎ ዘይደሊ ግን ዋላኳ ንስርዓት ኢሳያስ እጽልኣዮ ነቲ ኣብ መንግስትነት ተቐሚጡ ጸረ ህዝቢ ኤርትራ ዝሰርሕ ዝነበረ ብህወሓት ዝተዓብለለ መሪሕነት መንግስቲ ኢሂወደግ ንምውዳቕ ብዓቕመይ ጥራሕ ዘይኮነ ካብ ዓቕመይ ንላዕሊ ከይደቀስኩ ለይትን መዓልትን ተቓሊሰ ኢየ። ቅድሚ ስርዓት ህግደፍ ስርዓት ህወሓት (ወያነ) ከም ዝወድቕ እውን ብዙሕ ጊዜ ተነብየ ኣብ ሶሻል ሜድያ ገሊጸን ተዛሪበን ጽሒፈን ገሊኦም ተጋሩ ኣዕሩኽይ ስሒቖምለይ ኢዮም። ካልእ እቲ ኩሉ ኣንጻር መሪሕነት መንግስቲ ኢሂወደግ ንዓመታት ክጽሕፍን ክቃለስን ከሎኹ ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩዎ ኣብቲ ፖለቲካዊ ስልጣናት መንግስቲ ኢሳያስ ኮነ ተቓውሞ ዝኾነ ይኹን ሓላፍነት ኣይነበረንን ሎሚ እውን የብለይን። ንብድሕሪ ሕጂ እውን ክህልወኒ ኣይደልን’የ። ኣነ ብንእስነተይ ስልጣንን ሓላፍነትን ዝጸገብኩ ሎሚ <u>ደቀይ፡</u> <u>ደቂ ደቀይ፡</u> <u>ደቂ- ደቂ</u> <u>ደቀይ</u> ዝረኣኹን ብዕድመ ዝጸገብኩን ዕድለኛ ሰብ ኢየ። ነተን ኣምላኽ ዝወሰነን ተሪፈናኒ ዘለዋ ዕድመይ ከኣ ናጻ ኰይነ ንቕኑዕ ቅኑዕ ንጌጋ ከኣ ጌጋ እናበልኩ ኣብዚ ዓለም’ዚ ንማንም ከይፈራሕኩ ኣምላኽን ሰብን ይፈትዉዎ ኢለ ዝኣምነሉ ሕልናዊ ስራሕ እናሰራሕኩ ጥራሕ ናብ ፈጣርየይ ክኸይድ መደባተይ ዝሰራዕኩን ዝወሰንኩን ሰብ ኢየ። ሎሚ ከዛርበኒ ዝኽእለ ከኣ ኣነ ዘይተዛረብኩ ድኣ ካልእ ሰብ ካባይ ንላዕሊ ከመይ ኣቢሉ ሓቂ ክዛረብ ብዝብል እምነት ጥራሕ ኢየ።

<u>እሞኸ ትግራዎት እንታይ ንግበር? እንታይከ ይሓይሸ? ምስ ዝበሃል ንተጋሩ ኣሕዋተይ ዝገልጾ ፡</u>

ብመጀመርያ ብዛዕባ ኤርትራ ንትዛረብዎ ወይ ትገልጹዎ መብዛሕትና ኤርትራውያን ውሽጦም ከምኡ’ዩ ኢልና ከም ዘይንኣምን እሕብረኩም። ብርእይቶይ እቲ ብኣፍኩም እትዛረቡዎ ብልብኹም እውን ትኣምኑሉ ምስ እትኾኑ ንዓና ነቶም ደለይቲ ፍትሒን ነቶም ንናይ ኤርትራን ትግራይን ህዝቢ ሰላምን ፍቕርን ሕውነትን ንደሊ ኢና ንብል ህዝቢ ኤርትራ ኣእምኑና። ተተሓሒዝናን ትኣማሚንናን ክልቴና ነናትና ሒዝና ንረብሓ ክልቴና ኣህዛብ ክንሰርሕ ከኣ ክንኣምነኩም ሓግዙና። ነቶም ባሕሪ ክህልወና ነሩዎ፡ ዓሰብ ክንህባ ኣይነበረናን፡ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ መግዛእታዊ ቃልሲ ኣይነበረን ኣብ እዋን ቃልሲ ተጋጊና ኢና ነርና ዝብሉ ቋንቋ እቶም ገዛእቲ ዝዛረቡ ዓያሱኹም ተጋሩ እውን ካብቶም ዓያሱና ኤርትራውያን ዝብሉዎን ዝገብሩዎን ፈሊኹም ኣይትርኣዩዎ። ኣቃልዕዎም ጌጋኦም ከኣ ኣረድኡዎም።

ከምቲ ንዓኹም ርእይቶ ናይዚ ሓደ ከምዚ ናተይ ዝኣረገ ሰብኣይ ፕሮፈሰር ኣስመሮም ለገሰ ዘጕሃየኩም ንዓና እውን እቲ ቋንቋ እቶም ገዛእቲ ኣምሓራ ዝደግሙ እሞ ከኣ ፈላጣትን ኣብ ሓላፍነት ዝነበሩን ትግራዎት ዝዛረቡዎ ዘረባን ዘውጽኡዎ ቃላትን ኣዝዩ የሰክፈናን የሕዝነናን ኢዩ። ኣሕዋት ኢና ትብሉ ኣሎኹም። እወ ንኣምነሉ ኣሕዋት ኢና። ንስኹም እንተትሓጕስኩም ክንሕጕስ እንተጕሃኹም ከኣ ክንጕሂ ዝግባእ ምኳኑ ንፈልጥ። ህዝቢ ትግራይ ከይቀሰነን ከይትሓጕሰን ህዝቢ ኤርትራ ክቐስንን ክሕጕስን ይኽእልዩ ዝብል ከኣ ዓሻ ጥራሕ ኢዩ። ንትግራይ ኣዋሲንካ ምስ ተረፍ መረፍ ደርግን ልዑላውነት ሃገረ ኤርትራ ምስ ዘይኣምኑ ኣምሓራን ኰሸምሸም ምባል ከኣ ህዝቢ ኤርትራ ዝጸልኦን ዝኾነኖን ጕዳይ ኢዩ። እንተኾነ ብዛዕባ ትግራይ እቲ ጕዳይ ጕዳይ ምትእምማን ኢዩ። ህዝቢ ኤርትራ ከኣ እቲ ተዛራባይ ትግርኛ ጥራሕ ኣይኮነን። ንረብሓኡ ሓንቲ ስራሕ ክትሰርሑ

ከይርኣየ ህዝቢ ኤርትራ ኣሕዋት ኢና ረብሓናን ጉድኣትናን ሓደ ኢዩ ንፋቐር ንቀራረብ ንትኣማመን ስለዝበልኩሞ ጥራሕ ህዝቢ ክኣምነኩምን ክሓቑፈኩምን ከኣ ኣይትጸበዩ። ህዝቢ ኤርትራ ብመሳፍንቲ ትግራይ ብዙሕ ጊዜ ስለዝተጠልመ ንትግራዎት ከይቀርብን ከይኣምንን ብዙሕ ጊዜ እናተመኽረን ለበዋታት እናተቐበለን ብፍላይ እዚ መንእሰይ ወለዶ ብህግደፍ ንጽልኢ እናተማህረን ዝዓበየ ህዝቢ ኢዩ። ህዝቢ ኤርትራ ቀንዲ ጸላኢኡ ወያነ እምበር ካልእ ውሽጣዊ ጸላኢ ከም ዘለዎ ይፈልጥ ኣይነበረን። ሎሚ ግን ኣምላኽ ክብሩ ይስፋሕ ጸላኢኡ ንኽፈልጥ ክኢሉ ኣሎ። ውዒሉ ሓዲሩ ከም ዝዕወተሉ ከኣ ጠርጠራ የብለይን። ንስኹም ግን እቲ ጉዳይ ሎሚ እውን ኣብ ኢድኩም ኢዩ ዘሎ። ምስ ህዝቢ ኤርትራ ዘተኣማምንን ዘቀራርብን ስራሕ ስርሑ። እቲ ኣፍኩም ዝብሎ ልብኹም ከም ዝድግፎ ምልክት ኣርእዩ። ከማና ኣይተሃሰኹምን ኣይተበተንኩምን። ካባና ስለትሕሹ ከኣ ንረብሓን ንጠቕምን ንምትእምማንን ክልቲኡ ህዝቢ ኤርትራን ትግራይን ክትሰርሑ ዝያዳ ዕድል ኣሎኩም።

ኣብዚ ዋላ'ኳ ብዙሓት ደቂ ሃገረይን መቓልስተይን ዘይድግፉዎ እንተኾኑ ከይጠቐስኩዎ ክሓልፍ ዘይደሊ መሪሕነት ህወሓት ብፍላይ ከኣ ነፍሰሄርር መለስ ዜናዊ ንናጽነትን ንመሰል ርእሰ ውሳነ ህዝቢ ኤርትራን ብዙሕ ተቓሊሱን ጽዒሩን ጥራሕ ዘይኮነስ ንብዙሕ ብሔራዊ ኮነ ዓለምለኻዊ ጸቕጥታት ኣፍሺሉ ነቲ ዕላማ ልዑላውነት ኤርትራ ክዉን ንምግባር ዝከኣሎ ከም ዘበርከተ ኣነ ኮነ ብዙሓት ፍትሔኛታት ደቂ ዓደይ ኣይክሕድይዎን ኢዮም። ነፍሰሄር መለስ ዜናዊ ዋላ'ኳ ብድሕሪኡ ከም ሰብ መጠን ጌሩዎ ንብሎ ጭካነን ዝተዛረቦ ጉድለትን ከም ዘርኣየ ንህዝቢ ኤርትራ ዘይትሓብኤ እንተኾነ ኣብ ጉድጓድ ሰፊሩ ከሎ ሎሚ ከይተረፈ እንተኾነ እውን እቲ ንኤርትራ ዝገበሮ ስራሕ ብጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ክሳብ ሎሚ ዝኽሰሰሉ ዘሎ ምኳኑ እውን ንሰምዖን ንዕዘቦን ዘሎና ጉዳይ ኢዩ።

ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ንዓላማ ኢሳያስ ካባና ካብ ኤርትራውያን ንላዕሊ ይፈልጦ ከም ዝነበረ እውን ገገሌናስ ሎሚ ዘይኰነስ ቀደም ኣብ እዋን ቃልሲ ኣዳዕዲዕና ንፈልጥ ነርና ኢና። እቲ ኩሉ ዝሓለፈ ጻዕሪ ህወሓት ኮነ ነፍሰሂር መለስ ዜናዊ ግን ምእንቲ ረብሓን ሰላምን ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ትግራይን እምበር ከምቲ ኣብ ኢትዮጵያ ህወሓት ከምዚ ናይ ሎሚ ስልጣኑ ከይተሓድገ ከሎ ንመሸማገሊ ካልኦት ብሔራትን ሕልሚ ወረራን ሕልሚ ባሕርን ካብ ሓንጎሎም ዘይወጸ ካልኦት ተረፍ መረፍ መግዛእቲ ኣምሓራን ክኸውን የብሉን። ብርእይቶይ ባሕሪ ኤርትራን ኣገልግሎቱን ንተጋሩ ጥራሕ ዘይኮነ ብሰላም ንምልእቲ ኢትዮጵያን ካልኦት ሃገራትን ኣኺሉ ክተርፍ ዝኽእል ኢዩ። እቲ ህዝቢ ኤርትራ ዘይፈትዎን ዘይቅበሎን ግን ብርእይቶይ እቲ ትምክሕትን ፈኸራን ብብዝሕኻን ሓይልኻን ትኣማሚንካ ሀገር ክትወርርን ባሕሪ እንዳማትካ ክትዘምትን ምሕሳብ ኢዩ። እቲ ዝገደደ እቶም ተረፍ መረፍ ገዛእቲ ኣምሓራ ነቲ ቅድሚ ሎሚ ዝገበሩዎ ፈተነን ናይ ሰላሳ ዓመት ወረራን ውግእን ከም ዘይትዓወተን ተሳዒሮምን ንኤርትራ መሬታን ባሕራን ገዲፎም እናበኸዩን ፍቐዶ መንገዲ እናሞቱ ከም ዝሃደሙን ዝተሳዕሩን ዝተፈልጠ ክነሱ ነዚ ናይ ትማሊ ታሪኽ ክኽሕዱ ክትሰምዕ ከሎኻ ኣዝዩ ዝገርም ኢዩ።

እንቶ እቲ ንትግራይ ኣዋሲንካ ምስ ኣምሓራ ዕርክነት ግን ወዮ ድኣ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ስለዘይተቐበሎ ኰይኑ እምበር ብኢሳያስን ዶር. ኣቢይንሲ እቲ ሕልሚ ምግሃስ ልዑላውነትን ወረራን ኤርትራ በቲ ዝነበረ ጉያ ጉያ ቀደም ክውዳእን መሬትናን ባሕርናን እንደገና ብኸናት ዘይኮነ ብሰላም ክወሩን ካብ ኢሳያስ ክርከቡን ተጠሊዖም ዝተዛረቡዎን ዘረጋገጹዎን ሓቂ ኢዩ። በዚ ከኣ

ንመንግስትን ህዝብን ትግራይ ብፍላይ ከኣ ንዶር. ደብረጽዮን ገብረሚካኤል ም/ ርእሰ ምምምሕዳር ክልል ትግራይ ኣዚና ንንእዶን ነመስግኖን። መንግስቲ ክልል ትግራይ እንተቐኒዑን እንተነፊዑን ከኣ እቲ ደላይ ፍትሒ ንብሎ ዝበዝሕ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጐድኒ ህዝብን መንግስትን ክልል ትግራይ ደው ከም ዝብል  ኣይጠራጠርን ኢየ።

እዚ ኩሉ ተዛሪበ ብዛዕባ ዶብ ከይተዛረብኩ ምሕላፈይ ንብዙሓት መሽቀጢ ዕላማኦም ክኸውን ስለዝኽእል ቅሩም ክተናኽፍ ኢየ። እቲ ብተንኮል ናይ ዶብ ምኽንያት ተዋሂቡዎ ብዙሕ መስዋእቲ ኤርትራውያን ኮነ ኢትዮጵያውያን ዝተኸፍሎ  ዶብ ክልቲኤን ሃገራት ከምቲ ውሳነ ኮሚሽን ዶብ መሰረት  ክፍጸም ኣለዎ። መዓስ ንዝበሃል ግን ንትግራዎት ወይ ንኢትዮጵያ ጥራሕ ንኸሰሉ ጉዳይ ዘይኮነ እቲ ዶብ ከይትሓንጸጸ ሓንቲ ነገር የለን ዝብል ዝነበረ መራሒና  ዶብ ከይተሓንጸጸ  ምስ መንግስቲ ዶር. ኣቢ ኣሕመድ እናተሰራሰረ ኣብ  ሕጽኖት ስለዝቐነየ እዚ ስርዓት እዚ ዶብና ክሕንጸጽ ከም ዘይደሊ ንሕናውን ኣረጋጊጽና ኣሎና። መንግስቲ ክልል ትግራይ ብሕግን ብቕንዕናን ድኣ ይኹን እምበር ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ክሕንጸጽ ከም ዘይቃወም ከኣ ዶር. ደብረጼን ም/ርእሰ ምምሕዳር ትግራይ ብግልጺ ብምርግጋጽ እታ ኹዕሶ ኣብ ካምፖ ኢሳያስን ዶ. ኣቢን ደርብዩዋ ኣሎ። ኣቲ ሕጂ ብወገን ትግራይ ዝድለ እምበኣር ሎሚ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ጽባሕ ንትህነጽ ሓድነታን ልዑላውነታትን ዝተሓለወ ሓብቲ ዝኾነት ዲሞክራስያዊት ሀገረ ኤርትራ ከም ትምስረት ብምእማን ነናትና ሒዝና  ምትእምማንን ፍቕርን ዘለዎ ጉርብትና  ጥራሕ ዘይኮነ ሕውነታዊ ምትሕልላይን  ምትሕግጋዝን  ዘለዎ ሰላም ክህልወና ከም ዝኽእል ንህዝቢ ኤርትራ ንምእማን ካብ ሎሚ ክንሰርሓሉን ክንጽዕረሉን ከነትኣማምነሉን ንኽእል  መሰረት ምትካል ከድልየና ኢዩ።

እቲ ትግራዎት ድኽምትን ዝተተበታተነትን ንትግራዎት ተምበርኪኻን ትኣዚዛን ባዕሎም ብድሕሪት ኰይኖም ዘመሓድሩዋ ኤርትራ ክትምስረትዮም ዝሰርሑን ዝሓልሙን ዘለዉ ዝብል ዝስማዕ ፍርሕን ጠርጠራን ህዝቢ ኤርትራ ንኽልግስ ከኣ ካልእ ኣብ ባይታ ብግብሪ ዝርኤ መረጋገጺ ከድልዮ ኢዩ። ትግራይ ቅድሚ ሎሚ ማለት ኣብ ውግእን ጽልእን ከይተበጽሔ ረብሓኣ ምስ ኤርትራ ሰላምን ስምምዕን  ክህልዋ ከሎ ኢዩ ዝነበረ።  ብድሕሪ ሕጂ እውን ረብሓኣ ብምንም ትኣምር ካብ ምስ ኢትዮጵያ ምስ ኤርትራ ከም ዝኸውን ብወገነይ ኣይጠራጠርን ኢየ። ነዚ ግን እቲ ዝሓለፈ ኣብ ልዕሊ ሃገርን ህዝብን ኤርትራ ዝወረደ ማህሰይቲ ኣብ ግምት ብምእታው  መንግስትን ህዝብን ትግራይ ንህዝቢ ኤርትራ ንምድባስን ንምእማንን ብቓል ዘይኮነ ብግብሪ ብብርቱዕ ክሰርሑሉ ይግባእ። እዚ ማለት እቲ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ልዕሊ ስደተኛታት ደቅናን ወገንናን ዘርእዮ ዘሎ ድንጋጸን ሓገዛትን ተገዳስነትን ዘይንከታተሎ ኣይኮናን። እንታይ ድኣ ከምቲ ዝተገልጸ እቲ ዝግበር ምትሕብባርን ሓገዝን ንፖለቲካ ረብሓ ዘይኮነ ሕልናውን ሕውነታውን ንናይ ጽባሕ መጻኢ ወለዶ ኤርትራን ትግራይን ድልድል መሰረት ክኸውን ዝኽእል መሰረት ክስረት ይግባእ ብሃልቲ ኢና። ታሪኽ ንጽቡቕ ጥራሕ ዘይኮነ ንሕማቕ እውን ከም ዘይምሕር ከኣ ዘይምርሳዕ። ብዝኾነ ግን እቲ ናይ ሎሚ መበገሲየይ እቲ  ትግራይ ኦን ላይን ንፕሮፈሰር ኣስመሮም ምኽንያት ገርኩም ዘቕረብኩሞ ግብረ መልሲ ስለዝኾነ ብርእይቶይ ብፍላይ ከኣ  ከም <u>ትግራይ ኦን ላይን</u> ዝበለ ትካል ሜድያ ኣብ ክንዲ ብውልቀሰብ  ንዝተባህለን ዝተገብረን  ጥራሕ መልሲ ምሃብ  ኣብ ንኽልቲኡ ህዝብታት ኤረትራን ትግራይን  ዝግበርን ዝሕለምን ረብሓን ጠቕምን  ክልቲኡ ህዝብታት ክትገብሩዎን ጻዕርታት ከተካይዱሉን  ለበዋይ ኣቕርበልኩም። ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ከምቲ ትፈልጡዎ ብዘይትሓዝ ጽኑዕ

ተታሒዙ እምበር ቀሊል ህዝቢ ኣይኮነን። እንቶ ብዛዕባ እቲ መራሒ መንግስትና ግን ንዓና ዘይኮነ ንዓኹም ክኸውን ዘይሕለም ኢዩ። ብዛዕብኡ ክንዛረብን ክነማርርን ዋላ ክዝክሮ እውን ድላየይ ኣይነበረን። እንታይ ድኣ ''ኣደስ ኩሉ ትሓብእ እሞ ሓበላ ዓይኒ ክትሓብእስ ኣይኮነላን'' ከም ዝበሃል ግን ዘይስተርን ዘይከብርን ሕሱም ውላድ ዝወለደ ኣይቀስንን ኢዩ'ሞ እስከ ናቱስ ግደፉዎ ንህዝቢ ኤርትራ ናትኩም ልቦናን ሕልናን ኣርእዩዎ።

ካልእ ንእግሪ መንገደይ ንኤርትራውያን ኣሕዋተይን ኣሓተይን ኮነ ንኢትዮጵያውያን ከምኡ'ውን ንግዱሳት ደቀይ ክሕብሮም ዝደሊ ከኣ እቲ ካብ ሜዳ ኢንተርነት ወይ ሶሻል ሜድያ ርሒቕሉ ዝቐነኹ ሓያለይ እዋን ብገለ ዘይተርፍ ስራሕ ተታሒዘ እምበር ከምቲ ብዙሓት ዝፈራሕኩሞ ደኺመ ወይ ሓሚመ ከም ዘይኮንኩ እናረጋገጽኩ ንኹልኹም እቶም ብኣይ ተሸጊርኩም ሃለዋተይ ንምፍላጥ ብቕጥታ ኮነ ብተዘዋዋሪ ብመንገዲ መስከረምን ካልኦትን ተገዳስነትኩም ዘየቋረጽኩም ምስጋናይ ኣቕርብ። ከምኡ'ውን እቲጉዳይ ሃገርና ዝበዝሕ ቅድሚ ሎሚ ተሰሪሑሉ ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ ብሙሉኡ ተገዲሱሉን ተላዒሉሉን ዘሎ ጉዳይ ስለዝኾነ ጉዳይ ሃገርና ሎሚ ተቓሊስናን ምሂርናን ንዘፍረናዮም ደቅና ኣውርሽናዮም ቀሲንና ኢና ዝብል እምነት ኣሎኒ። ይኹን እምበር ክሳብ እታ ሓይልን ዓቕምን ዝረኸብኩን ህዝቢ ኤርትራ ሓሊፉሉ ክሳብ ዝድቅስን ብዓቕመይ ከም ዘይድቅስ ኣረጋግጸልኩም ።

ብዝተረፈ ኣብ ካልእ ኣገዳሲ ጉዳይ ክሳብ ንራኸብ ከኣ ንሎሚ ኣብዚ እሰናበተኩም።

ሰላም ቅነ

ቀለታ ኪዳነ (ሎንዶን)